ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# መግለጺ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ብምኽንያት ዝኽሪ መበል ሓሙሻይ ዓመት፡ መቕዘፍቲ ኤርትራውያን ኣብ ላምፐዱዛ፤

ጥቅምቲ 03፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት፡ ልዕሊ 365 ወገናትና ብዘሰቕቕ መንገዲ ዝተቐዘፉላ መራር ዕለት እያ። ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኣ፡ መንእሰያት፣ ኣደታትን ህጻውንትን ብጅምላ፡ ኣብ ሓንቲ ምሽት ዝሃለቑላ ክትከውን እንከላ፡ ኣብ'ዚ ዳር-ትርኢት'ዚ ሓንቲ ኣደ ምስ ሰለስተ ህጻውንቲ ደቃ፡ ከምኡ'ውን ሓድሽ ዕሽል ህጻን ምስ ኣዲኡ ብዘሰቕቕ መንገዲ ዝጠፍኡላ ዕለት እያ፤ ኣብ ታሪኽና፡ ኣብ ጉዕዞ ስደት፡ ዘሰቕቕ መቕዘፍቲ ዝተራእየላ፡ ካብ ኣእምሮ ህዝብታትና ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ዘይጠፍእ ጸሊም ስምብራት ኣዕሪፉ ዝሓለፈት ዕለት እያ።

ኣብ'ቲ መሪርን ነዊሕን ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ብልኡኻት ሰራዊት ባዕዲ፡ ዘስካሕክሕ ግፍዕታትን ጅምላዊ ጭፍጨፋን ከምዝወረደ ወትሩ ዘይንርስዖ ጸሊም ታሪኽ ኣሎና። እዚ መስዋእቲ'ዚ ግን፡ ምእንቲ ናጽነትን ልኣላውነትን ሃገርና ዝኸፈልናዮ፡ ንመስርሕ ሰውራና ተወሳኺ ነዳዲ ኮይኑ፡ ጅግንነታዊ ተጋድሎና መመሊሱ ክስውድ፡ ዕድመ መግዛእቲ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ምድሪ ኤርትራ ክውገድ፡ ተወሳኺ ኒሕን ሕራነን ዝደርዓልና እዩ። ካብ ወጋሕትኡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻናትና ክንብገስ እንከሎና፡ ካብ ደመኛታት ባዕዳውያን ገዛእትና፡ መስተርሆት ዘውርደልና ጸበል ክንጽገልና ኣይተጸበናን፤ ስለዝኾነ'ውን፡ እቲ ዝኸፈልናዮ ከቢድ ዋጋ፡ ብጸጋ ዝተቐበልናዮ ሞባእ ነጻነትናን ልኣላውነትናን እዩ ነይሩ። ብ03 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ ልዕሊ ወገናትና ዝወረደ ኣሰቃቒ ዝኾነ ጅምላዊ ህልቂት ግን፡ ፍሉይን ኣዝዩ መሪርን ዝገብሮ፡ ብምውጋድ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ስርዓቱን ጥራሕ ዝድበስ፡ ናቱ ፍሉይነታት ዘለዎ ወትሩ ካብ ሕልናና ዘይሕከኽ እዩ።

እዞም ኣብ ላምፐዱዛ ዝሃለቑ ወገናትና፡ ብሰንኪ ጨካን ስርዓተ ኣገዛዝኣ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ኣብ ሃገሮም ሰላምን ቅሳነትን ረኺቦም፣ መሰሎም ተኸቢሩሎም፣ ተማሂሮም ክልወጡ ሰሪሖም ክሓልፈሎም ዝኽእሉሉ ዕድል ዝጸልመቶም እዮም፤ ስደት ከም ብሕታዊ ምርጫ ወሲዶም፡ ጽኑዕ ሓለዋ ጸጥታን ድሕንነትን ህግደፍ፡ ከምኡ'ውን ዝተቐበሩ ፈንጂታት ሰጊሮም፡ ምድረበዳ ሰሃራ ኣቋሪጾም፡ ምድሪ ኣውሮጳ ብማዕዶ እናኣቋመቱ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝተቐዘፉ እዮም። ናይ'ዞም ግዳያት ዝኸፍኣን ዝመረረን መቕጻዕቲ ድማ፡ ኣብ መሬት ዓዶም ኣምጺእካ ንቡር ሓመድ-ድበ ከይረኽቡ ብምኽልካል፡ ኣስከሬኖም ኣብ ሳናዱቕ ኣብ ጊዝያዊ መጽንሒ ሃገረ ጣልያን ተቐሚጡ ምህላዉ እዩ።

ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ኣብ'ዞም ልዕሊ 365 ዝኾኑ ግዳያት ወገናትና ዝተመሓላለፈ ኣረሜናዊ ብይን፡ ብቐንዱ ናብኦም ዘቕነዐ ከምዘይኮነ ካብ ማንም ዝተሓብአ ምስጢር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንሳቶም እሞ፡ ሓደ ሻዕ ክብርቲ ሂወቶም ብዘሰቕቕ መንገዲ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ምስ ሰኣኑዋ፡ ኣይሰምዑ ኣይርእዩ፤ ዝመርጹዎ ሃገር ይኹን ሓመድ የብሎምን፤ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ሓሊፎም እዮም። እዚ ፋሽስታዊ መቕጻዕቲ'ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ ህሉዋት ዘነጻጸረ እዩ። ኣብ ልዕሊ መላእ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መቕርብ ዝኾኑ ቤተሰብ ሰማእታትና ድማ ብፍላይ ዘነጻጸረ፡ ካብ ሕልናና ዘይሕከኽ መወዳድርቲ ዘይብሉ ጨካን ስነ-ኣእምሮኣዊ መቕጻዕቲ እዩ። መላእ ውጹዓት ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መቕርብ ዝኾኑ ቤተ-ሰቦም ድማ ብፍላይ፡ ዕድሜኦም ሙሉእ እህህ እናበሉ ናይ ስቓይ ሂወት ከሕልፉ ዝተወሰነ ጨካን ፋሽስታዊ ብይን እዩ። እዚ፡ ኣብ መዋእል ባዕዳውያን ገዛእትና ርኢናዮን ሰሚዕናዮን ዘይንፈልጥ ዘይ-ሰብኣዊ ብይን፡ ቀንዲ ዕላምኡ፡ ህዝቢ በዚ ስጉምቲ'ዚ ርዒዱን ጃጅዩን ካብ መረበቱ ተወዚ ከይብል ብምግባር፡ ርእሱ ኣድኒንካ፡ ከም ግኡዝ ኣቕሓ ንምንክልባት ዝዓለመ፡ ዓይኒ ዘውጸአ ፋሽስታዊ ብይን እዩ። እንተኾነ ግን፡ ህዝብታትና፡ በዚ ኣረሜናዊ ውሳኔ'ዚ ርዒዶም፡ ርሑቕ ስደት ካብ ምምዕዳውን ብእግሮም ካብ ምዝራብን ማንም ኣይዓገቶምን። እኳ ደኣ ብዝበኣሰ፡ ንሃገሮም ኩቦ እናደርበዩላ፡ በብእዋኑ ብቃፍላያት ናብ ርሑቕ ስደት ክነፍጹ ጸኒሖም እዮም።

ሎሚ ጥቅምቲ 03፡ መበል ሓሙሻይ ዓመት ግዳያት ላምፐዱዛ፡ ብዓሙቕ ሓዘን ኣብ እንዝክረሉ ዘሎና እዋን፡ እቲ ን20 ዓመታት ብኩናት ዶብ ተዓጽዩ ዝነበረ ዓበይቲ ኣፍ-ደገታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸፍተሉ እዋን እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ን16 ዓመታት፡ "ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ፡ ዘተ ዘይሕሰብ እዩ፡" እናበለ ክፍክር ከምዘይጸንሐ፡ ሎሚ ጉዳይ ዶብን መስርሕ ምምልካትን ንጎድኒ ደርብዩ፡ ኣብ ካልእ ካርታ ክጻወት ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ ዘሎ እዋን እዩ፤ ህዝብታትና ድማ፡ ዕድል ረኺቦም፡ ኣዝማዶም ንምሕታት ይኹን ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቶም ትንፋስ ዝሰኹዓሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ናብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ናብ ክልል ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ብሰፊሑ ኣብ ዝገሹሉ እዋን ንርከብ። ኣብ ባይታ ብጭቡጥ ከም ዝረአ ዘሎ፡ ካብ'ቶም ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምስጋር ዕድል ዝረኸቡ ኤርትራውያን፡ ቁጽሮም ዘይናዓቕ ናብ ዓዶም ከይምለሱ ብምውሳን፡ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ክወሃቦም ክሓቱ፡ ብስፍሓት ይረኣዩ ኣሎዉ። ንምንታይ ዝብል ሕቶ ምስ እንርኢ፡ እዚ ክውንነት'ዚ ንክልተ መሰረታዊ ሓቅታት ኣጉሊሁ ዘርኢ እዩ።

1. ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጨካን ኣገዛዝኣ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ናይ ምንባር ተስፈኦም ጸልሚቱ ዓቕሎም ጸቢቡዎም ከምዝነበሩ ብተግባር ዘረጋገጸ እዩ።
2. ናይ ኩሎም መሰረታዊ ጸገማት ህዝብታትና ቀንዲ መንቀሊ፡ ምውላዕ ኩናት ዶብ ዘይኮነስ፡ ገና ዘይተኣረሙ ፋሽስታዊ ባህርያትን ተግባራትን ገባቲ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ምዃኖም እዮም።

ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ሞንጎ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ውዑል ሰላም እንተ ተፈረመን፡ ኣፍ-ደገታት ክልቲኡ ሃገራት እንተ ተኸፈተን፡ ህዝብታትና ብበዝሒ ሃገሮም ሓዲጎም፡ ናብ ስደት ካብ ምምራሕ ኣየቋረጹን። እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉን ሓቂ እዚ እዩ። ካብ'ዚ ዘየቋርጽ ዋሕዚ ስደትን፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱን እንድሕን፡ ኣብታ ብመስተንክራዊ ተጋድሎናን፡ ብደምን ዓጽምን ጀጋኑናን ነጻን ልኣላዊትን ክትከውን ዘብቃዕናያ ሃገርና ክንነብር ምስ እንበቕዕ እዩ። ነዚ ክዉን ንምግባር ድማ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ስርዓቱን ብምውጋድ፡ ብዙሕነታዊ ክውንነትና ዝቕበል፣ መሰልናን ማዕርነትናን ዘኽብር፣ ናይ ህዝብታትና ወሳንነት ዝኣምን፣ ብመንገዲ ሰላምን ቁጠባዊ ምዕባለን ንቕድሚት ክንምርሽ ባብ ዘርሑ፡ ብህዝባዊ ቅዋም ዝምራሕ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካል ጥራሕ እዩ።

ስለዝኾነ ድማ፡ ሎሚ ኣብ ዕለተ ዝኽሪ መበል ሓሙሻይ ዓመት ግዳያት ላምፐዱዛ ኮይና፡ ዝሰመረ ናይ ሓባር ተረድኦ ወኒና፡ ንትስፉው መጻኢ ዕድል ህዝብታትናን ሃገርናን ክንብል፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ክንወፍር፡ ቃልና ክነሐድሰ ይህልወና። ውድብና ሰደግኤ፡ ዘላቒ ድሕንነትን ቀጻልነትን ህዝብታትናን ሃገርናን ንምርግጋጽ፡ ምስ ኩሎም ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ሃገርና፡ ዓቕምታቱ ጠሚሩ ክቃለስ ዘለዎ ቅሩብነት፡ ብኣጋጣሚ ዕለተ-ዝኽሪ መበል ሓሙሻይ ዓመት ግዳያት ላምፐዱዛ ይገልጽ።

ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ሰማእታትና!!
ሰማእታት ላምፐዱዛ፡ ሂወቶም ብኸንቱ ጠፊኡ፡
ኣስከሬኖም ኣብ ዓዲ ጓና ተደብዩ ኣይተርፍን እዩ!!

ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሰደግኤ፡
03 ጥቅምቲ 2018 ዓ.ም.